






# Orientation to Ontario

# ቤት-ፍርዲ ናእሽቱ ጥርዓናት



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

ኣብ ኦንታርዮ፡ Small Claims Court (ቤት-ፍርዲ ንኣሽቱ ጥርዓናት)፡ ንወለድን ወጻኢታት ክፍሊት ቤት-ፍርዲን ካልእን ኣብ ግምት ከየእተኻ ክሳብ 35,000.00 ዶላር ካናዳ ዋጋ ዘለዎም ሲቪላውያን ክርክራት ይዳኒ። እዚ ከኣ ንዋጋታት ናይቲ ጠራዓይ (ከሳሳይ) ዝሓተሎም ኩሎም ንብረታት የጠቓልል።

## ከመይ ዝበሉ ጉዳያት እዮም ናብ Small Claims Court (ቤት-ፍርዲ ናእሽቱ ጥርዓናት) ዘመርሑ?

እቶም ኣብ ቤት-ፍርዲ ንኣሽቱ ጥርዓናት ክኽፈቱ ዝኽእሉ ናይ ክሲ ፋይላት፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣብነታት የጠቓልሉ፡-

ብስምምዕ ንዝተፈጸመ ዘይተመልሰ ናይ ገንዘብ ልቓሕ (ዕዳ) ዝምልከቱ ጥርዓናት ወይ ክሲታት - ንኣብነት፡-

- ናይ ዝተሸጡ ኣቑሑን ዝተዋህቡ ኣገልግሎታትን ዘይተኸፍለ ሕሳብ
- ዘይተኸፍሉ ልቓሓት
- ዘይተኸፍለ ናይ ክራይ ዕዳ
- Non-sufficient funds (NSF (እኹል ወይ ብቑዕ ዘይኮነ ናይ ቅሙጥ ገንዘብ ቸክ))

ናይ ጉድኣት ጥርዓናት - ንኣብነት፡-

- ጉድኣት ኣብ ንብረት
- ብመሕጸቢት ማሽን ጉድኣት ዝበጽሖ ክዳዉንቲ
- ዉልቃዊ መቑሰልቲታት
- ምጥሓስ ዉዕል

## ክንደይ ወጻኢታት እዩ ክሓተኒ?

ኣብ ቤት-ፍርዲ ንኣሽቱ ጥርዓናት ክሲ ንምምስራት ይኹን ንዝቐርበልካ ክሲ ብመርትዖ ንምክልኻል፡ ከምኡ ድማ ኣብቲ መስርሕ ፍርዲ ንዘለዉ ዝበዝሑ መድረኻት ክፍሊት ክትከፍለሉ ኣለካ። ብዘይካ'ዚ፡ ነቶም እትጽዉዖም (ኣብ ቤት-ፍርዲ ክርከቡ መጻዋዕታ ዝወሃቦም) መሰኻኽር፡ ኣብቲ መጋባእያ ቤት-ፍርዲ ናይ መሳተፊኦምን ናይ መጓዓዚያኦምን ወጻኢታት በዓልካ ክትከፍሎ ኣለካ። ብተወሳኺ፡ ከድልየካ ንዝኽእል ዝኾነ ኣስተርጓሚን ምትርጓም ናይ ቋንቋ ምልክትን ወጻኢታቱ በዓልካ ክትሸፍኖ ኢኻ። እቲ ኣብ ቤት-ፍርዲ ዝረትዐ ወገን፡ ከም ክፍሊታት ናይ ቤት-ፍርዲ ዝኣመሰሉ ኩሎም ወጻኢታቱ/ወጻኢታታ ንኸሕዉዮ/ከሕዉያ ነቲ ብቤት-ፍርዲ ክኽሕስ ዝተኣዘዘ ካልእ ወገን ክሓቶ ይኽእል እዩ።

## ጥርዓን ንምጅማር ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክጽበ ኣለኒ?

ቅድሚ ጥርዓን ወይ ክሲ ከተቕርብ ምጅማርካ፡ ክትጽበየሉ እትኽእል ግዜ ገደብ ክህሉዎ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ነቲ ናይ ክሲ ጉዳይካ ኣበየናይ ግዜ ከምእተመልከተሉ ዘይትፈልጥ ኮይንካ፡ ንጠበቓ ወይ ንተሓጋጋዚ ጠበቓ (paralegal) ከተማኽሮ ይግባኣካ።

## ንጥርዓነይ ዝድግፍ ከመይ ዝበለ መርትዖ እዩ ዘድልየኒ?

ንጥርዓንካ መረጋገጺ መርትዖ ከተቕርበሉ ኣለካ። እቶም ንጥርዓንካ ዝድግፉ መሰኻኽርን ሰነዳትን (ንኣብነት፡ ዉዕላት፡ ናይ ባንክ ቸክ፡ መዝገባት ወይ ክፍሊታት) ኣየኖት ክኾኑ ከምዘለዎም ዕትብ ኢልካ ሕሰበሉ። ንጥርዓንካ ክሕግዙ ዝኽእሉ መሰኻኽር ወይ ሰነዳት ዘይብልካ እንተኾይኑ፡ ጥርዓንካ ገና ክዕወት ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ መርትዖኻ ቃልካ ጥራይ እንተኾይኑ፡ እቲ ኣንጻር ካልእ ሰብ ዝመስረትካዮ ክሲ ሓቅነቱ ንምርግጋጽ ኣጻጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ኣብ Small Claims Court (ቤት-ፍርዲ ንኣሽቱ ጥርዓናት መን ክውክለኒ ይኽእል?

ብዙሓት ከሰስቲ ኣብ ቤት-ፍርዲ ንኣሽቱ ጥርዓናት ባዕሎም እዮም ዝውከሉ። እንተኾነ፡ ብጠበቓ ወይ Law Society Act (ኣዋጅ ሕጊ ሕብረተሰብ) ብዘፍቅደሉ ከም ተመሃራይ ናይ ሕጊ ወይ ከም ተሓጋጋዚ ጠበቓ ዝበለ ሰብ እውን ክትዉከል ትኽእል ኢኻ።

**ኣገዳሲ መዘኻኸሪ**

**ምምሕዳር ኦንታርዮ፡ ነቶም ብሰንኪ ፊናንሲያዊ ኩነታቶም ሕጊን ፍትሒን (justice) ክይረኽቡ ዝኽልከሉ ሰባት ካብ ክፍሊት ዝንሕፎም ናይ ስልሰላ ምስክር ወረቐት ኣተኣታትዩ ኣሎ።**







Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

?

Law Society Referral Service (

)

Referral Service

( )

lawsocietyreferralservice.ca

,

30

9:00 .

5:00 . . ,

416-947-5255 1-855-947-5255 (

) ,

**ኣገዳሲ መዘኻኸሪ**

**ፍርዲ ወይ ብይን፡ ትእዛዝ ናይ ቤት-ፍርዲ ምዃኑ፡ ዋሕስ ናይ ክፍሊት ከምዘይኮነ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። እንተድኣ ንጥርዓንካ ዝድግፍ ፍርዲ ተቐቢልካ፡ ከምኡ ድማ እንተድኣ እቲ በዓል-ዕዳ እቲ ዝግብኣካ ክፍሉ ክይከፈለካ ተሪፉ፡ እቲ ክፍሊት ክፍጸም ንምግዳድ (ገንዘብካ ንምእካብ) ስጉምቲታት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።**

?

Small Claims Court ( - )

-

-

(fee waiver) -

“ - ”

?

-

Small Claims Court ( -

)

-

( )

?

7 Ontarians with Disabilities Act ( )

Service Ontario Publications

( )

Service Ontario Publications

50 Grosvenor Street

Toronto, ON

M7A 1N8

Toll Free ( ) 1-800-668-9938

TTY Toll Free ( TTY) 1-800-268-7095

-

,

attorneygeneral.jus.gov.on.ca









